# ወጊድ በሉዎም ተጋሩ።

ዓመታት ሓሊፉ ብሞት ብሥቓይ
ተሓሚኹም ተድሂለኩም ህዝቢ ትግራይ
መሰልኩም ተመንዚዕኹም ብተበለፀቲ
ብሃሚ ተሓሊኩም ብግብሪ ፀበብቲ
ክሳብ መዓዝ ክትፆሩ እዙ መግዛእቲ
ይኣክል በልዎም ንዞም ዓዲ ሸየጢ
ደም ወዲ ሰብ መፀይቲ
ዓልየትን ሃይማኖትን መላኽዕቲ
እዋን ዝፈጠሮም ዉሩያት ኣጋንንቲ
ወጊድ በሉዎም
ንታሪኽ ከሓድቲ
ባህልን ዓድን ኣራኽስቲ
ንባዕዳን ኣምለኽቲ
ህዝብን ዓድን መጥፋእቲ
ወጊድ በሉዎም ተጋሩ
ታሪኩም ዘክሩ
ርእሲ ምድናን ዘይናትኩም
መግዛእቲ ዘይናትኩም
ሥረኹም ዕጠቁ ተገልደሙ ዝናርኩም
ሃገርኩም ክተድሕኑ
ከም ትማሊ ከም ወለድኹም
ካብ ዉልዶ ናብ ዉለዶ ዝሓልፍ
ታሪኽ ስርሑ ብጊዘኹም
ያኣክል በሉዎም ንዞም ፀበብቲ
ብሂወት ወዲ ሰብ ተላገፅቲ
ዓዶም መዋዓልቲ ታሪኽ ከሓድቲ
ናዓና መሰልቲ
ግና ናይ ኢትዮጵያ ፀላእቲ
ወጊደ በሉዎም
ጊዘ ከይሓለፈ
ዓዲ ከይፈረሰ
ህዝቢ ከይተራከሠ
ዘልኣለማዊ ጥፍኣቱ ከይተላበሰ
ወጊድ በሉዎም ተጋሩ
ካብ ሱሮም ንቐልዎም
ከምዘይጥጥው ዳግም
ክጠፍኡ ንዘልኣለም
ኣብ ገሃንም ይኹን መቓብሮም
ወጊድ በሉዎም
ከም ትማሊ ወለድኹም
ነፃነትን ክብርን ዘዉረስኹም
ስርሑ ታሪኽ ከም
ለባጋድስ ዮሃንስ
አሉላ ዘርኣይ ደረስ
ተለፋይ ደበሳይ
ማርቆስ ሓጎስ
ተቐበሉ ናይ ታሪኽ ሓላፍነት
ሃገርኩም ህዝብኹም
ክተድሕኑ ካብጥፍኣት

ቕያ ስርሑ ብግዝኹም
ሃገርን ነፃነትን ክተዉርሱ ንደቅኹም
ንዝቕፅል ወሎዶኹም
ተልዓሉ ተጋሩ
ግዞ ከይቐደመኩም
ዳግማይ አመስክሩ
ዘይሕበል ኢትዮጵያዊነትኩም።
ወጊድ በሉዎም ተጋሩ
ትኸልዋ እታ ሰንደቕና
ቕጠልያ ብጫ ቐያሕ
ምልክት እንታይነትና
ምልክት ሓድነትና
ምልክት ሃገርና
ምልክት ናፅነትና
ኣብ መድረኽ ዓለም
ምስክር ኽብርና
ትኸልዋ አብቲ ወደብ ኣዱሊስ
አብቲ ባሕሪ ኣሉላ
ታሪኽ የታሓደስ
ወይለኹም ክትብሎም
ንባዕዳን ፀላእቲ
ክተዘክሮም ቀትሪ ምስ ለይቲ
ንኽትነግሮም ንወያነ ሻዕብያ
ባድመ ከምዘይኮነ ደረት ኢጦብያ
ደም ስጋና እዩ ኽትበሎም
ህዝቢ ኤሬትራ
ባዕዲ ኣይኾንን
ብፀበብትን ባዕዲ ሸጣራ
ወጊድ በሉዎም
ንፀበብቲ ተገንፀልቲ
ካብ ኣብራኽና ዝተፈጠሩ
ግና ናይ ኢጦብያና ፀላእቲ
በቃ ያኣክል ምሕዛን
ይኣክል ምብካይ
ይኣክል ርእሲ ምድናን
ኣብ ማእሰርቲ ምድጓን
ይኣክል ሞትን ስደትን
ምዕራፍ ግበርሉ ንስቓይ ንሃዘን።
ክልተ ሞት ኣይትሙቱ
ሕሰቡ ካብልቢ
ኣይተሕድሩ ራዕዲ
በሉ ድኣ ተልዓሉ
ኣብ ፀላእትኹም ዝመቱ።
ናበይ ጠፊኡ እቲ ሓቦ ጀግንነት
ተኸቲቡ ዝርከብ
አብ ታሪኽ መፅሓፍ ትግራዎት
ብተኹዎ ናይ መግዛእቲ ሰንሰለት
መስዋእቲ ኽፈሉ ንሙሉእ ናፅነት።
ወጊድ በሉዎም
ተልዓሉ ተጋሩ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ
ዓበይቲ መናእሰይ ኽፈሉ መስዋእቲ
ካብ ዝሓለፈ ወለዶ ዝረኸብኩሞ ኽብረት

ግድነት ኣለኩም ናይ ታሪኽ ሓላፍነት
ነፃ ሃገር ነፃ ህዝቢ
        ክተረክቡ ንመፃኢ ዉለደት
ተልዓሉ ደቂ ኣግኣዝያን ደቂ ዮሃንስ
ደቂ ሱሑል ደቂ ስባጋድስ
ደቂ ጀጋኑ ዘርኣይ ደረስ
ተደፊራ ሃግር ታሪኽ ተራኺሱ
ባሕሪ ወደባ ተሓዲጋ
መሬታ ብድርቡሽ ተወሪሱ
ታቦት ዮሃንስ ተራኺሳ
ብድርቡሽ ፈሪሱ መቕደሳ
መጥፊእቲ ዓዲ ነጊሶም ድቓላታት
ኽብሪ ኢትዮጵያ ዝጋሰሱ
        ንፀላኢ ዝሓደሩ ግዙኣት
ወይንቲ ኢና ባሃልቲ ነፃ መዉፃእቲ
        መተክሎም ፀበብቲ
        ግብሮም ፋሸሸቲ
        ብዓልየት ብቋንቋ ኣምለኽቲ
        ሃገርን ህዝብን ከሓድቲ

ወጊድ በሉዎም ተጋሩ
ፀዋዕታ ሃገር ደወል ተደዊሉ
        ሃገር ንምድሃን
        ዓብዩ ንእሸቶ
        ሰብኣይ ሰበይቲ
ኹሉ ኢሉ ተልዓሉ
ተጠርነፉ ምስህዝብኹም
ህዝቢ ኢትዮጵያ ዓልየትኩም
ፀዋዕታ ግበሩ ንሃገራዊ ቃልሲ
        ፀበብትን ተገንፀልትን ጠፊኦም
ስርዓት ህዝቢ ንኽኸዉን ነጋሲ
ሃገር ክትምዕብል
        ህዝቢ ክረክብ ሰላም
ኢትዮጵያዊነት ክኸዉን እዉን
        ዝንተ ኣለም።

**ታደለች እዮብ**

ካብ ዓጋመ